
## መጺሄት ፊተወራሪ

## ሕታም ቁጽሪ 16 ነቲ ኣብ <u>10-5-1976</u> ዝነበረ ኲነታት ብኸመይ ገሊጻቶ ንትዓዘብ።



# ህ.ሓ.ሓ.ኤ ብዛዕባ ሓድነት ሓይልታት ምንቅስቓስ ሃ/ሌ
# ሰውራ ኤርትራ ዝገበሮ ጸብጻባት

ሃገራዊ ሓድነት ናይ ሰውራ ኤርትራ ናይ ሓርነት ዕላማታት ኣብ ግብሪ ዘውዕለሉን ናይ ሓፋሽ ኤርትራ እትህ ነጸሉን መሰረት ኢዩ፡፡ ሰውራ ከኣ ብዘይ ሃገራዊ ሓድነት ክምዕብልን ነቕ ብዘይብል ኣገባብ ክ-ኳዱልን ኣይክእልን፡፡ ጸላእቲ ነዚ ሓድነትን ምድልዳሉን፡ብታቲኖምን ኣፍሪቦምን፡ብወትሃደራዊን ፖለቲካዊን መንገዲ ኣብ ልዕሊኡ ብምዕዋት ነቲ ሰውራዊ ትሕዝትኡ ክፍሽሉ ይደልዩ፡፡

ህ.ሓ.ሓ.ኤ ኣብ ዘየወላውል ናይ ሃገራዊ ሓድነት እምነት ተበጊሳ፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ግብሪ ከተውዕል ምሉእ ሓላፍነት ተሰኪማ በዚ ልዩ ተወሰነት ንሓፋሽ ህዝብን ተጋደልቲን ኣንጻሊሓ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምሉእ ሓላፍነቶ ክምዝስከመ ገበረት፡ በዚ መሰረትዚ ሓፋሽ ህዝብናን ተጋደልቲን ኩሎም ጸላእትና ዘውርድዎ ገፋዒ ብምሽናፍ፡ ካብእም ብዝያዳ ዘበርትዑ ምፍናም ብግብሪ ኣመስኪሮም፤ ከምኡ ድማ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜን ኩነታትን ንገዛእ ጉዳያቶም ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ክፈትሑ ከምዝኽእሉን ኣንጻር ኩሉ'ቲ ኣብ መሬት ኤርትራ ዘሎ ዝኾነ ይኹን ናይ መግዛእቲ ህሉው መልክዓት ሰውራዊ ቃልሶም ክፍጽሙ ብቑዕ ክእለት ክምዘለዎም ኣፍሊጦም፡፡

እንተኾነ ገለ ባእታታት ናይ ዚተፈላለዩ ሓይልታት፡ህ.ሓ.ሓ.ኤ ብዛዕባ ሃገራዊ ሓድነት ዘለዋ ኣረኣእያ ንምጽላምን ንምምካንን ህርድን ይብሉ፡፡ ሓደ ካብዞም ዝተባህሉ ባእታታት "ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ" ዚነበር ኢዩ፡፡ እዚ ሓይል'ዚ ንዓና ከም ህ.ሓ.ሓ.ኤ መጠን ብዛዕባ ?ይ ሃገራዊ ሓድነት ብሩህ መርገጺ ክምዘይብልናን ሓፋሽ ህዝብን ተጋደልትን ብዛዕባ ሃገራዊ ሓድነት ዘለዎ ድሌት ኣብ ግብሪ ምውዓል ክምዘረሰዕና፡ ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ዘሎ ባዕላዊን ውድዓዊን ኩነታት ኣብ ግምት ክምዘይነእቶ ኣምሲሉ ይሕሰና፡፡ እዚ ግን ህዝብን ተጋደልትን ክምዝረልጥያ ርእይ ሓበትን ምጽላምን ኢዩ፡፡ ንሕና እዉ ፍ. ዱሕሪ መሰረት ዘይብሉ ቆጽለ-መጽሊ ዘረባታት ንጉዳዩ ንጽውጽዋይ ክንውን ኣይንደልን ኢና፤ እቲ ክንዝክሮ እንደሊ እቲ ናይ "ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ" ዚንቡዕ ክሽፍና ዚደሊ ብዛዕባ ሓድነት ሰውራ ኤርትራ ዝገበርናዮ ጭቡጥን ሓቀኛን ጸብጻባት ጥራይ ኢዩ፡፡

ቀዳማይ:-- ብወርሒ ግንቦት 1972 ኣዕሪፎ ሰውራ ኤርትራ

ኾኑ ሰውራውያን መንግስታትን ውድባትን ህዝባዊት ዲሞክራስያዊት ሪፐብሊካዊት የመንን ዲሞክራስያዊት ሪፐብሊካዊት ሶማልያን ናይ ፍልስጤም ተቓውሞ ምንቅስቓስን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ዐማንን ዘርከብዎ ናይ ሓድሕድ ምቅትታል ጠጠው ንምባልን ሓድነት ሓይልታት ምንቅስቓስ ሰውራ ኤርትራ ንምስራትን ጻዕሪ ገበሩ። እንተኾነ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኮናት ሓድሕድ ዘይምህላው ተፈሊጡ ዘይከነስ ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ዘብሃል ሓይሊ'ውን ፈጺሙ ኣብ ሜዳ ከምዘየልቦ ኣሉ ቀጢኑ ስለ ዝበለ እቲ ፈተነ ፈሸለ።

ካልኣይ:- ብወርሒ ጥቅምቲ 1972 ኣብ ከተማ ዓደን ተመሳሳሊ ፈተነ ተገይሩ ብተመሳሳሊ ምኽንያት ኣብ ፍረ ከበጽሕ ኣይከኣለን።

ሳልሳይ:- ብወርሒ የካቲት ሓይልታትና ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ገረገር /ሱዳን/ ዘብሃል ቦታ ናይ ህ.ሓ. መዓስከር ዓሪ ወረራ ገበሩ። እቲ ዝተኻተሉ ውግእ ንራእይኡ ዘሰካሕክሕ ብምንባሩ ገለ ሃገራውያን ካብ ወትሃደራት ሱዳን ስለ ዝተሓባበሩም፡ ደረት ንኺግበሩሉ ንክልቲኡ ወገን ከቀራርቡ ፈተነ ገበሩ። ሓባበም ብኽልቲኡ ወገን ተቐባልነት ስለዝረኸበ ከኣ ካብ ክልቲኡ ወገን፡ ብናይ መርሒነት ደረጃ ልኡኻት ተራኺቦም ነዚ ዝሰዕብ ውዑል ተፈረመ:-

"ዓጊግ--ሱዳን
26/2/73

"ስምምዕ ኣብ መንጎ ወገናት ሰውራ ኤርትራ

"ብስም ህዝቢ ኤርትራን ሰውርኡን!

"ክልቲኦም ወገናት ናይ ሰውራ ኤርትራ፡ ውድብ ኤርትራ ንኺሰምር ስለዝኣምኑ፡ ነዚ ዕላማዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ይጽዕሩ። ስለዚ ጀሚሮም ድማ ነዚ ዝሰዕብ ይሰማምዑሉ:-

"ሀ. ነቲ ዘሎ ሽግር ካብ ሰረ ንምብታኽ ምእንቲ ኪኽእል፡ ዲሞክራስያዊ ልዝብ ምግባር።

"ለ. ነዚ ንምግባር ድማ ካብ ክልቲኡ ወገናት ሽማግለ ብምውጻእ፡ ነቲ ሽግር ዘፍትሕሉ ኣኼባ ምግባር።

"ሐ. ስምምዕ ክሳብ ዝርከብ፡ ኣብ ውሽጢ ሱዳን ይኹን ኣብ ኤርትራ፡ ናይ ሓድሕድ ኩናት ጠጠው ክብል።

"መ. ክልቲኦም ወገናት ነዚ ተገይሩ ዘሎ ስምምዕ ንተጋደልቲ ከረድኡ፡ ካብኡ ድሕሪ 48 ሰዓት ኣብ ምንታይ ከምዝበጸሑ ተመሊሶም ክፋለጡ።

"ሰ. ክልቲኦም ወገናት ዝብዚ ስምምዕ'ዚ ሓንቲ ከየጉደሉ ኣብ ግብ

ሪ ከውዕሉ፡፡"

ህዝባዊ ሓይልታት ነዚ ስምምዕ'ዚ ምስ ፈረመትሉ፡ ብኣኡ ተቐይዳ
ኣብ ግብሪ ኣውዓለቶ ፣ እንተኾነ እዚ ስምምዕ ብዝተፈረመ ጌና ሰለስ
ተ ወርሒ ከይመልአ እንከሎ ናይ ሰውራዊ ባይቶ ሓይልታት ብዕለት
8/5/73 ኣብ ተበሕ ዝተባህለ ቦታ ንገለ ካብ ሓይልታትና መጺኡ ብ
ሃንደበት ወረረ፡፡ በዚ ተግባራቶ እዚ ንናይ ዓገግ ውዑል ኣፍሪሱ ፅ
ሙዱ ወትሃደራዊ ስርሒታቱ ኣንጻር ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ቀጸለ፡፡

ራብዓይ፡— ኣብ መጀመርታ ናይ 1974 ገለ ካብ ፈተውትና ሃገራ
ት ንኽልቲኡ ወገናት ሰውራ ኤርትራ ንምቅርራብ ፈተነ ገበራ፡፡እዚ ር
ክብ'ዚ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ከተማ ባቕዳድ ኪኸውን ተወሰነ፡፡ በ
ዚ መሰረት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ርክብ ባቕዳድ ንኽ
ትካፈል ልኡኽ ሰደደት፡፡ እንተኾነ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፡ እቲ ውሩ
ይ ዝኾነ ናይ ምቅንጻል ውሳኔታታ "ብሃገራዊ ጉባኤ" ዝሓለፈ ስለዝኾ
ነ፡ ንዕኡ ንምቅያር ድማ ካልእ "ሃገራዊ ጉባኤ" ምግባር የድሊ ኢዩ፡
ብዝብል ዕባራ ምኽንያት ኣብቲ ኣኼባ ንምክፋል ፍቓደኛታት ኣይኮኑን፡፡
በዚ ምኽንያት'ዚ እቲ ፈተነ ፈሸለ፡፡

ሓሙሻይ፡— ብወርሒ ሓምለ 1974 ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ነቲ ወትሃደራዊ
መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ዝጀመሮ ሓዱሽ ውጥናት፡ ህዝቢ እናንቃዕካን እ
ናወደብካን ንምፍሻሉ ብማለት ገለ ካብ ሓይልታታ ንቅደመ—ግንባር ለኣ
ኸት፡፡ ይኹን እምበር ሓይልታት ሰውራዊ ባይቶ ጉዕዞ ሓይልታትና ንምዕ
ንቃፍን ተልእኾኡ ንምፍሻልን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት በብዓይነቱ ዱብ
ያታት ገበረትሉ፡፡ ሓይልታትና ነዚ ዱብያታት'ዚ ብምስጋር ኣንጻር ቀዳ
ማይ ጸላኢ ኪገጥም ስለዝኸኣለ፡ ሰውራዊ ባይቶ ከም ብሓዲሽ ኣብ ልዕ
ሊ ሓይልታትና ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ወረራታት ሲኻማት / ፈጸመ፡፡ እቲ
ኩናት ከም ብሓዲሽ ብዘስካሕክሕ ኩነታት ኪባራዕ ብዘረኸቦ፡ ጠቕሙ ም
ስ ሰውራ ኤርትራ ዝኣሳሰረ ሓፋሽ ህዝቢ፡ እዚ ኩናት'ዚ ንሰውራ ኤር
ትራን ንጠቕሚ ህዝብን ከምዘይውክል ብምግንዛቡ፡ ነዚ መሪር ሓቂ እዚ
መሰረት ብምግባር ናይ ወትሃደራት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምፍርራህ ከይዓ
ጀበ፡ እቲ ዝተኸሰ ጥይት'ውን ከየስገእ ኣብ መንጎ ብምእታው፡ ኩናት
ጠጠው ከብል ሓተተ፡፡ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ነቲ ናይ ህዝቢ ሕቶ ብሓጎስ ተቐ
በለቶ፡፡ ንሓይልታታ ድማ ካብ ቦታ ኩናት ኣርሓቐት፡፡ ህዝቢ ከም ዱ
ሳፉ ሓፈሻዊ ርክብን ኣኼባታትን ንኺገብር'ውን ደገፈቶ፡፡ እቲ ዝተገ
ብረ ኣኼባታት ካብ ኩሉ ክፍልታት ኤርትራ፡ ካብ ከተማን ገጠርን ዘመ
ጹ ልኡኻት ዝተኻፈልዎ ነበረ፡፡ ካብዚ ህዝባዊ ኣኼባታትን ርክብን ዱ
ማ ሓንቲ ንህዝቢ እትውክል ሽማግለ ወጸት፡፡ እዛ ሽማግለ'ዚኣ ምስ
መራሕቲ ናይ ክልቲኡ ወገናት በብተራ ተራኸበት፡፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ

ንጎናን ዘሎ ገርጭት ዝፍትሑሉ መገዲ ፍአይናም ንኽቕርቡ ደማ ሓቶ ተቶም:: በዚ ሕቶ'ዚ መሰረት ደማ ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ነዚ ዝስዕብ ነጥብታ ት ኣቕረበት:—

1. ኣብ መንጎ ክልቲና ሓይልታት ዘሎ ተኹሲ ጠጠው ክብል፣
2. ኣብዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ዘሎ ናይ ክልቲና ወገን ሓይልታት ነዚ ናይ ተኹሲ ምቁም ውዕል ከኽብር፣
3. ዝበቶም ናይ ህዝቢ ሽማግለታት ኣብ ኩሉ ወገናት ኤርትራ ል ኣኹት ተሰዲደም ነቲ ናይ ተኹሲ ምቁራጽ ውዑል ኪቆጻጸርዎ፣
4. ንገዛእ ኣብ መንጎ ክልቲና ሓይልታት ናይ በታ ምርሕሓቕ ኪ ገበር ንሓቀፉ ኣብ መንጎና ደብ ንኽህሉ ገን ንቃወም ኢና/
5. ናይ ክልቲኡ ወገናት ብረት ኣንጻር ኢትዮጵያ ኪቕንዕ፣
6. ኣብ ከተማ ይኹን ኣብ ገጠር ሓደ ኣንጻር እቲ ሓደ ክይበብኽ፣
7. ንዓና ወይ ንዓዓቶም ዚድግፉ ኤርትራውያን ኣብ ሂወቶም ይኹን ኣብ ንብረቶም ብሓደና ከይቱተንከፉ ብሰላም ክም ዚነብሩ፣
8. እዚ ነጥብታት'ዚ ኣብ ገበሪ ምስወዓለ እቲ ዲሞክራሲያዊ ል ዝብ ብቕጥታ ኪጀመር፣፡

ግን ኣብሊት ሰውራዊ ባይቶ ንናይ ህዝቢ ተራ ሓንቲ ተገዳሲነት ኣይሃቡዎን፡ እዚ ዚስዕብ ርእይቶ ከኣ ኣቕረቡ፡—

1. ጸረ—ገድሊ ብመጀመርታ ኣብ ሓደ ውዱብን መሪሕነትን ክም እት እመን ኣቀ... ክተዉጽእ፣
2. ኣብ ከበሳ ብምምጽኦ ሓይሽ ኩነታት ስለ ዘፈጠረት ባሕሊ ክት ምሕስ፣
3. እዚ ኣብ ገበሪ ዱሕሪ ምውዓል ብዘዕባ ስምረት ከንዝቲ::

ኣብዚ ገዜ'ዚ እታ ሽማግለ ክም ብሓዱብ ምስ ህዝቢ ተራኺባ ብምም ዴጥ፡ ክም መንጎኛ ክይና ነዚ ዚስዕብ ነጥብታት ንኽልቲኡ ወገናት ኣቕ ረበት:—

1. ኣብ መንጎ ህ.ሓ.ዞ.ኤ.ን ሰውራዊ ባይቶን ዚገበር ኩናት ጠጠዉ ክብል፡ ነዚ ዘፍርስ ብህዝቢ ኪኹነን፣
2. እዚ ስምምዕ'ዚ ኣብ ገበሪ ምስወዓለ፡ ን30 ጥቅምቲ 1974 ኣብ መንጎ ህ.ሓ.ሓ.ኤ.ን ተ.ሓ.ኤ.ን ዚነበረ ዘ ይምርደዳእ ንምፍታሕ ዝርርብ ኪጀመር፣
3. ከሳብ ናይ ዕርቂ ዝርርብ ዚጀመር ተ.ሓ.ኤ. ካብ ፍልፍል

ንሰሜን፡ ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ካብ ፍልፍል ንደቡብ ኪጸንሑ /ካብ ወኪ ዘ
ዑርዱ ኣብ መንጎ ኪኸውን፣ /

4. ተኹሲ ጠጠው ከም ዚበለ ብኣዋጁ ንህዝቢ ኪገለጽ፣
5. እዚ ናይ ተኹሲ ጠጠው ምበል ውዕል ኣብ ግብሪ ኪውዕል ምስ
 ጀመረ፡ ሓደ ኣንጻር ሓደ ከይሰብኽ፣
6. ኣብ ከተማ ዚርከብ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ወይ ናይ ህ.ሓ.ሓ.ኤ.
 ደገፊ ዚኾነ ህዝቢ፡ ብህዝባዊ ሓይልታት ወይ ብተጋዳሉ ሓር
 ነት ኤርትራ ከይፈራራህ፡፡

ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ነዚ ርእይቶታት'ዚ ብቕጽበት ክትቅበሎ እንከላ
ተ.ሓ.ኤ. ግን ከትወላወል ድሕሪ ምጽናሕ ድሕሪ ሰሙን ብዕለት 12/10
1974 ብወገኣ ነዚ ናይ ህዝቢ ርእይቶታት ነጸገቶ፡፡ ንጸቢሒቶ መዓ
ልቲ ደማ ኣብ ዘገር ንዝ ነበረ ገለ ኣሃዱታት ናይ ሓይልታትና ወረረቶ

ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ግን ካልኣይ ግርጭት ብናይ ኩናት ሓድሕድ ኣገባብ
ኣይፍታሕን ዝብል መትከላዊ መርገጺኣ እምነታ ቀጸለት፡፡ በዚ መሰረት
እዚ ናይ ህዝቢ ጸዊዒታትን /ሕቶታት/ ህ.ሓ. ዝገበረቶ ጻዕርን ኣብ
ህዝብን ተጋደልትን ገፊሕ ተቐባልነት ረኸበ'ዎ እቲ ጻዕሪ ብምቕጻል
ጥሪ 1975 ተጋደልቲ ናይ ክልቲኡ ውድባት ተራኺቦም እቲ ዘ
ሎ ግርጭት ብዲሞክራሲያዊ ልዝብ ጥራሕ ኪፍታሕ ኣለዎ ኣብ ዝብል ስም
ምዕ በጽሑ፡፡ እዚ ናይ ጸረ ኩናት ኣረኣእያ በብቑሩብ ኣብ ምሉእ ሜ
ዳ ኤርትራ ኪዝርጋሕ ክኣለ፡፡

በዚ ዓይነት ኣገባብ ኩናት ጠጠው ምስበለ፡ ናይ ክልቲኡ ወገን
ሓይልታት ብሓባር ጎኒ—ንጎኒ ከይዶም ኣንጻር ጸላኢ ኪቃለሱን፡ ናይ
ክልቲኡ ወገን ተጋደልቲ ድማ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ገስጋሲ ግንባር ብ
ዛዕባ ምቛም ዚተፈላለየ ዝርርብ ኪገብሩን ጀመሩ፡፡

መትከላዊ ኣረኣእያ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ብዛዕባ ሓ
ድነት ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ ኣብ ግብራውን ስነ—ሓሳባውን መሰረት
ይረጋገጽ፣ በዚ መገዲ'ዚ ጥራይ ኪኣ ኢዩ ድልዱል ስምረት ዝርከበን፡
ኣብዚ ድልዱል ስምረት ተመርኲስካ ድማ ንመሰረታዊ ድሌት ሓፋሽ ህዝቢ
ኣብ ግብሪ ዘውዕል ድልዱል ፊተውራሪ ውድብ ክትከል ዚከኣል፡፡ በዚ
መገዲ'ዚ'ውን ኢዩ ጠቕሞም ምስ ዓወት ሰውራን ግስጋሰኡን ናይ ዚተኣ
ሳሰሩ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ድሌት ኣብ ግብሪ እተውዕል ዲሞክራሲያዊት ኤር
ትራ ክትህነጽን ናይ ሰብ ብሰብ ምዝማዝ ዘይብሉ ኤርትራዊ ሕ/ሰብ ኪ
ትከልን ዚኽእል፡፡

…ዜ ናይ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ዝነበረ ጉጅለ ንህ.ሓ.ሓ.ኤ. ንም ስሳም፣ ናይ ሰውረት ኣረኣእያኣ ንምምካንን ዝገዐር ዘሎ ኩነታት ምህትፍታፍ ኢዩ፡፡ እዚ ምህትፍታፍ'ዚ ናይ ጠቕሞም ዝንደሎም ብእዃታት... ብናይ ሓፋሽ ሰውጥታት ናይ ዘይኣምኑ ብኣታታት... ሰምዒታዊ ሓድነት ናይ ዚደልዩ... ሓድነት ናይ ዉልቀ-ሰባት ናይዝኣምኑ... ሓድነት መርሒነታዊ ዚደልዩ ብኣታታት ምህትፍታፍ ኢዩ፡፡ እዚ ምህትፍታፍ'ዚ፣ ኣብ ጉዕዞ ምንቅስቓስ ሰውራ ኤርትራ ወሳ ሓንቲ ባዕቤን ኩምጽአ ኣይክእልን፡፡ ምኽንያቱ ሓፋሽ ህዝብን ተጋደልቲን፡ ብፍላይ ኣብዚ ግዜ'ዚ መን'ዩ ዝዘሰምር፧ በየናይ መንገዲ'ኸ፧ ኣጸቢቖም ይርድኡዎ ኢዮም፡፡

---

## ዕጥቂ ሓፋሽ ህዝቢ ይደልደል!

ሰውራ ኤርትራ እናሓየለ፡ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ እናደኸመ፡ ጥቕሚ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ኣብ ሓደጋ እናወደቐ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ጸላኢ ህዝቢ ንዘይተርፍ ውድቀቶም ብዝለዓለ ደረጃ ንምክልኻል ሰፊሕ ምድላው ኣብ ምግባር ይርከቡ፡፡ እቲ ዝገብርዎ ዘለዉ ምድላው ከኣ ብወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን... ወዘተ መንገዲታት ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ክፍጸም ይርኣ፡፡

ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዚገብር ዘሎ ምቅርራብ፣ ብኸምዚ ዚስዕብ ክንርእዮ ንኽእል፡፡ ትሕዝቶ ደርጊ ዝኣወጆ ሕብረተ-ሰባዊነት ዶሮ ብገብሪ ተቐሊዑስ እንሆ'ቢ ርሂጹ-በሳዕ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንዝጀመሮ ታሪኻዊ ቃልሲ ከሰብ ዓወት ንምቕጻል ብቕራጽ መንፈስ ክሰላሰሉ ይርከብ፡፡ ደርጊ ደማ ሓደገኛነት ናይ ምቕላዑ ብምግንዛብ፡እንደገና ብኻልእ ሸጣራ ንእንታይነቱ ንምሕባእን፡ነቲ ኣንጻሩ ዝሕንበብ ዘሎ ዲሙር ደርባዊ ቃልሲ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንምዝሓሰን ንምዝንጋዕን ብማለት ክምቲ ልሙድ ዝጥቀመሉ ሽጣራ፡ ነቲ ጸጋማዊያን ሓይልታት ዚጥቀሙሉ ቃዕ ጊርሒታት ብምውሳድ፡ ቀለም ኣብ ወረቐት ኮይኑ ዝተርፍ፡ "ናይ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ሰውራ ፕሮግራም" ዚብል መናፍሕ ኣብ ምንፋሕ ይርከብ፡፡ ብተወሳኺ'ውን ነቲ ቅኑዕ ናይ ብሄራት ናይ ገዛእ-ርእሰኻ ዕድል ባዕልኻ ምውሳን መሰል፡ ብናይ ውሽጣዊ ምምሕዳር መሰል ብም ትካእ፡ ነቲ ዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ናይ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዋ ጭቁናት ብሄራት ዞፍ ንምባል፡ ኣብ ምንቅስቓስ ይርኣ፡፡ እዚ ኩሉ ዝገበር ዘሎ

ዶማ ንዕጥቂ ዝኣለበ ዘሎ ጭቁን ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣውሪዓ፡ ንገዛእ ርእሱ
ኣዳሒርሒሪ ሓይሊ ክተዓልወሉ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ንምርካብን፡ ናብ ህዝቢ
ኤርትራ ንምዝማት ኣዳሲዩ ምቅርራብ ንምግባርን ኢዩ፡፡

ሒደ ካብቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ደርግ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝገብሮ ዘሎ
ምቅርራብ ናብ ኤርትራ ዝዘምቱ "ወደ–ዘማች" ምምልማል ኢዩ፡፡ ደርግ
ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ትግራይን በጌምድርን ጎጃምን ወሎን ክፍለ–ሃገራት
ንሓፋሽ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብናይ ሓሶት ነፍሲ ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ተሳ
ዕሎምን ትውዶቦምን ኣሎ፡፡ ካብ ኣመሪካ ብዝተዋህበ ብረትን ጥይትን ገይ
ራ'ውን ተዕጥቖም ኣሎ፡፡ ምስ "ወደ ዘማች" ተሓባቢሮም ናብ ኤርትራ ዝ
ዘምቱን ነቲ ፍጹም ናይ ምዕናው፡ምሕራድ፡ ምሕራርን ምዝማትን ተግባራት
ዶማ ኣብ ማእከሎም ክይኖም ዝኣልዩን ክሰብ ክልተ ሽሕ ዝበጽሑ "ነበል
ባል" ዚተባህሉ ጨሎይ ናይ ኮማንዶ ትምህርቲ ዝወሰዱን'ውን ብ8 /ሸሞን-
እስራኤላውያን ኣብ ኣዋሽ ተማሂሮም ተዋሪቦም ኣለዉ፡፡ እቶም 8 እስራኤ
ላውያን ናብ ኢትዮጵያ ክኣትዉ እንከለዉ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ'
ፓስፖርት ሒዞም ከምዝኣተዉ ኪረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ፡፡ ብዘይካ እዚ'ው
ን ነዚ ተመዲቡ ዘሎ ወራር ዝግልገል ከም ታንክታትን ከልእ ክቢድ፡መባ
ርያን ዚሓዘ ቀጸሪ ብርክት ዝበለ ኣጽዋር ውግእ ካብ ኣመሪካ መጺኡ እ
ብዚ ዚሓለፈ ወርሒ ብወደብ ዓሰብ ኣቢሉ ከምዝኣተወ ኪፍለጥ ተኻኢሉ ኣ
ሎ፡፡ ንኣብ ከተማ ዝነበር ሰላማዊ ህዝቢ ዝሓንቁን ዝዕፍኑን ዝጠውዩን
ከመቕሑን ቀንጸልቲ'ውን ብሃጸይነት ከምዝተዓለዉ ፍሉጥ ኢዩ፡፡

ኣብ ውሽጢ ኤርትራ'ውን፡ ካብቲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝገበር ዘሎ
ምቅርራብ ዘይስንፍ ምቅርራብ ይገብር ኣሎ፡፡ ጸላኢ ካብ ከተማ ይኹን
ካብ ገጠር፡ እንተ ቅሪብ ገንዘብ ብምድርባይ እንተ ብዓመጽ፡ዘዱሲ ስን
ቂ እናገፈጠ ኣብ መኻዚኖታቱ ይኸምር ኣሎ፡፡ መደሃኒት'ውን ካበየ ዝር
ከበ ቦታታት እናመንዝዐ ይእክብ ኣሎ፡፡ ሓካይምን ኣለይቲ ሕሙማትን ኤ
ርትራውያን ካብ ኣስመራ ንኢትዮጵያ ክቕየሩ እንከለዉ፡ ፍሉጣት ሓካይም
ን /ጠበብቲ/ ኣለይቲ ሕሙማትን ኢትዮጵያውያን ከኣ ብብዝሒ ኣብ ኣስመራ
መጺኦም ኣለዉ፡፡ እዚ'ኸ ሰራዊቱ ኣውሪሩ ብሰውራ ኤርትራ ከምዘቕንጸሎ
ስለዝፈልጥ'ዩ ውሽጣዊ ውዱቐቱ ምእንቲ ክይገለጽ ደኸን ይኸውን ዝገብር
ዘሎ፡

ብኻልእ ወገን እውን እንተረኣና፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብስበከትን
ብዝዝርጋሕ ጽሑፋትን ብመጠውትን ገይሩ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ውዳባትን
ተጋደልቲን ዘይምርዱዳእ ንኸፍጠር ካብ ምጽዓር ዓዲ ኣይውዓለትን፡፡ ...
ብ ማእከል ህዝቢ'ውን እንተኾነ ኣውራጃ እከለ ደጋፊት ሸፋቱ ኢያ..

ወረዳ ኣከለ ኣብ ሕብረተ—ሰብ ዊነት ኣማኒት'ያ... ብሄር ከስታ ገስታ ሲ ... ብሄር ኣከለ ግን ኣይሓርሓሪ...ወ.ዘ.ተ. እናበለት ናይ ሉሌኽ ገዛእ ሸጣራ ንህዝቢ ኤርትራ ንምፍልላይን ንምድኻምን ናተይ ኢሉ ጠዚታ ዘላ ናይ መዓልትን ለይትን ስራሓ ኢዩ:: ከምኡ'ውን ብሕልፊ'ኣ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ይርአ ከምዘሎ ንኣብ ከተማን ገጠርን ዚነብር ህዝብና ናይ ከንደዚ ኣዋርሕ... ናይ ከንደዚ ዓመታት ግብሪ እንተዘይከፊልኩም ፍርደይ ትፈልጥዎ ኢኹም" እናበለት ከተፈራርሕን: ንኣቦታት'ውን ንሽፋ ደቅኹም ንዑ ኪድኩም ለሚንኩም ኣእትውዎም እንተዘይኮን ኣብኣ ትዳጎኑ እናበለት ከተጭንቖን ኪልበትብት ከተብሰምን ትርኢ:: እዚ ኩሉ ዓጸጀውን ምፍርራሕን ድማ ንኽትወፍርን ዓመጽ ንኽትቕበልምን መንገዲ ንኽትረክበን ኢዩ።

መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዚገብሮ ዘሎ ምቅርራብ'ሲ ብሒፈሽኡ ተገንዘብናዮ ኢሎና:: እዚ ኩሉ ሸበድበድ'ኸ እንታይ ንምግባር'ዩ፤ እዚ'ዉ ከምቲ ልሙድ ሓደ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ዘመተ ኣብ ኤርትራ ጌርኪ: ንሰውራ ንምድኻምን፤ ብሰውራ ኤርትራ ተደርዒማ ንዝሃደመትሉ ሓደ—ክልተ ኣስትራተጂያዊ ቦታታት ከም እንደገና ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻራ ንምእታውን: ንህዝቢ ንምጽናትን ንብረቱ ንዕናውን ንምዝማትን: ሞራል ህዝቢ ኣውዲቓ ኣትደልዮ ዓይነት ፍታሕ ናብ ግብሪ ንምውዓልን ኢዩ:: እምበኣርከስ ናይ"ወደ ዘማችን" "ነበልባልን" ጉዕዞ ናብ ኤርትራ ከምቲ ልሙድ ንህዝቢ ንምሕራድ: ብስልኪ ንምሕናቕ: ንዓድታት ንምዕናው: ንጥሪት ህዝቢ ንምርሻሽን ንምዝማትን: ንጥንሲት ብሳንጃ ከብደን ንምብጣቕ: ንኣዴታት ንምግሳስ: ንኣዋልድ ንምዕማጽ... ወ.ዘ.ተ. ኢዩ:: ነዚ ግፍዒ እዚ ንምክልኻል ድማ ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ዘለዎ ኣልዩ ኣብ ጎኒ ሰውራኡ ብምጽጋዕ ከሎ ፐና ከጥንቀቕን ኪዕጠቕን :ንኣረሜናዊ ተግባራት ጸላኢ ድማ ብቖራጽነት ኪቃለስ ይግባእ::

ከምዚ ዝኣመሰለ ፋሽስታዊ ዘመተ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ሓዳሽ ኣይኮነን:: ቅድሚ ሕጂ ከንደይ ዘመተታት ተገይሩ ኢዩ:: እቲ ቅድሚ ሕጂ ዘዘምትን ብቐልጽም ህዝቡ ኤርትራ ዚሕምሽሽን ዚነበረ ጸላኢ'ዩ ኮይኑ ሎሚ ዘዘምት ዘሎ:: ብዛዕባ"ወደ ዘማች" እንተኾይኑ ብንዓ ኣንበር ኪልእ ምስጢር የብሉን:: ንሱ ድማ'ኳ ቅድሚ ሰላማዊ ህዝቢ ፈኪሩ ጓማጽን ኪኾውን እንከሎ: ኣብ ቅድሚ ዚዓጠቐ ህዝቢ ኤርትራ ግን ደልዓስዓስ: ቀልዕጽ—ዕጽ ሰሃሳይ ኢዩ:: ምስጢር ናይዚ ሓቂ'ዚ ንምፍላጥ ከኣ ብዙሕ ምዕልባጥ ዘድሊ ኣይኮነን:: እዚ ማለት ከኣ ከብቲ ተታሊኦ መሰርዮ ናይ ጸላኢ ኮይኑ ምእንቲ ጠቕሚ ጸላእቱ ከብል ንኽስዓ ናብ ሰውራ ኤርትራ ዘረከበ: እንታይ ይገብር ከም ዘሎ ዘይፈልጥ: ክ

ብር ዚደሊ "ወደ ዘማች"፣ እቲ ብንቕሓትን ብቖራጽነትን ምእንቲ ሃገራዊ
ነጻነቱን ሰብኣዊ መሰሉን ክብል ቅልጽሙ ዘልዓለ ገዛእ ህዝቢ ኤርትራ
ይውሕልልን ይሕይልን:: ኣብቲ ጥምጥም ከኣ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ
ዘሰንፍ:: ብዛዕባ "ነበልባል" እንተኾይኑ'ውን ካልእ ከዓን ዝለበሰ:
ካልእ ቅጽል ስም ዝሓዘ: ኣብ ካልእ ግዜ ዝመጸ ብምዃኑ ደኣሉ እምበር
ቀራልን ዕላማን ናይቲ ቅድሚ ሕጂ ጴብ ሜዳ ኤ ትራ ብሰውራ ኤርትራ
ዚተቐንጸሉን ዚተባረሩን ዚተማረኹን ኣየር ወለዱ: የዱር ኣንበሳ: ጥቁ
ር ነብር: ኣውራሪስ...ወ.ዘ.ተ.: ዚሓዘን ዘሰነዮን ሞንቋኒ ሓይሊዩ:

ከምዚ ዚኣመስሉ ዘመተታት ንገዛእ ዝኺ ኤርትራ ሓዱሽ ነገር ኣይኮ
ነን::ዝነበረሉን ዘለዎን ኩነታት'ዩ:: ኣብዚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ምዕ
ባላ ንከበጽሕ ዝሸኣለውን ንኸምዚ ዚኣመጻሉ ፋሽስታዊ ዘመተታት ብሰው
ራዊ ቅልጽሙ ብምስባርን ምስ ዓወት ብምስጋርን'ዩ:: ሕጂ'ውን እንተኾ
ነ ንሰውራ ኤርትራ ናብ ዓወት ገጹ ካብ ምግስጋስ ዝኽልክሉ ዘመተ ናይ
ጸላኢ የለን:: ልክዕ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ፖለቲካዊ ቅንዕና ሰውራና
ን ሞራላዊ ጽንዓት ሓፋሽ ህዝብናን ወተሃደራዊ ቆራጽነት ሓፋሽ ህዝብና
ን ቀጠባዊ ጹረት ህዝብናን ተመርኲስና ንሓይሊ ጸላኢ ዝሰምበርናሉ: ሕጂ
እውን ከምኡ ኢዩ ዝድልየና::ሓዱሽ ነገር ካብና ዝድለ እንተሎ ኣሎዩ:
ነቲ ዕጥቅና ብዝያዳ ንኸነደልድሎን ንምልዕዓልን ምውዳብን ናይ ሓፋሽ
ህዝብና ብዝያዳ ከነስፍሖን ከነዕምቖን: ንተወፋይነትና ድማ ብዝያዳ ና
ብ ግብሪ ከንትርጉሞን ጥራይ ኢዩ:: እንፍጽሞ ምቅርራብ ከም ዘለናዩ
ኩነታት ሓፈሻዊን ፍሉይን ኮይኑ ንምቅርራብ ናይ ተጋደልቲን ሓፋሽ ህዝ
ብን ዘጠቓልልን ዘወሃሃዱን ኪኸውን ይግባእ:: እንገብሮ ምቅርራብ ከኣ
ከከም ኩነታቱ ብኹሉ ወገኑ ዝተማልአ ኮይኑ ኣብ ፖለቲካዊን ስነ-ኣእም
ሮኣዊን ወተሃደራዊን ኤኮኖሚያዊን ሜዳታት ንኪኸውን ናይ ግድን ኢዩ::

እቲ ቀንዲ ሮድሲ ነጥቢ: ኣብ እንገብሮ ሓፈሻዊ ምቅርራብ ንፖለቲ
ካዊ ብልሕን ጥንቓቐን ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ዘለዎ ደረጃ ሓ
ፍ ምባል'ዩ:: ነዚ ብገብሪ ንምንቅስቓስ ከኣ ንትንኩልና ጸላኢ ብዘይ
ገለ ንሕስያ ናብ ሓፋሽ ህዝብናን ምቅላዕ'ዩ:: መሰረታዊ እንታይነት
ናይ ጸላእትና ብብሩህን ደፋርን ቃላት: ናብ ሸቃሎን ሓረስቶትን ጉስ
ን ንኹሉ-ብርጃቓን ሃገራውያን ብርጃቓን ወ.ዘ.ተ. ናይ ሕብረተ-ሰብና
ይብራህ:: ተንከለና ዕላማ ጸላኢ ኩሉ ጭቁን ዘበለ ይፍለጠ መታን ኩሉ
ክጥን ቀዋሉን ኪያወምን::ጥቕሚ ህዝቢ ምእንቲ ክሕሉ: ሓድነት ሰውራና
ምእንቲ ክረጋገጽ: ምቕጻልን ዓወትን ሰውራና ምእንቲ ዘተኣማምን ኪኸወ

ኩሉን ብሄራትን ኩሉም ጾታታትን ኩሉም ደርብታትን ኩሉም ተጋደልትን ኤርትራ ብመትከል ይስምሩን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ብቕንዕና ኣብ ሓደ ግንባር ይሰለፉን።

ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘሎ ኣልዩ ነዚ ዘለና ኩነታት ብምዕዛብን ነቲ እዚ ዘሎ ኩነታት ካብና ዝሓቶ ነገራት ብምግንዛብን ብዝጥዕም ኣገባብ ንተንኮል ጸላኢ ይቕሳዕ። ንተሪር— ልቢ ጸላኢ ነዚሉ ይዝበዩ፡ ንዘመተ ጸላኢ እውን ብዘየናሕሲ ሰውራዊ ቃልሲ የንበርክኽ። ኩሉ ተሓባቢርና ሰለይን ናይ ጸላኢ፡ኦዕናዊ ናይ ሰውራ ዘርኢ ብሓፋሽ ህዝቢ ይከሻሕን ይጽየቕን። ኩሉ ተወሳቒሊ'ውን መርገጺኡ የፍልጥ። ቃልስና ንጹርን ብሩህን ንኪኸውን ኩነታት ይግድድ'ዩ። እንተዘር ሰውራዊ ዘመተ፡ምሉእ ዓወት ዝምጽእ ምእንቲ ኪኸውን ደማ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ብምሉኡን ብዘለዎ ሓይልን ኣብ ጎድኒ ሰውርኡ ብምስላፍ ንምንቅስቓስ ጸላኢ ንኸፍሽሉ ናይ ግድን'ዩ። ነዚ ዘመተ'ዚ ንምዕዋት ከኣ ኩሉም ተጋደልቲ ኤርትራ ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ብምዝካር ኣብ ቅድመ—ግንባር ናይዚ ሰውራዊ ህዝባዊ ማዕበል'ዚ ንኪረኽቡ ታሪኽ የገድዶ'ዩ። ተጋደልቲ ኤርትራ [illegible] በብዘለውዎ ኽይሎም ንሓፋሽ ህዝቢ ብተገዳስነትን ብመስዋእትነትን ከለዓልዎን ከውድብዎን ከዕጥቕዎን ኣብቲ ዝገበር ቃልሲ'ውን ጸቡቕ ኣብነት ብምዃን ኪኣልይዎን ናይ ግድን'ዩ።

ወራሪ ሰራዊት ኢትዮጵያን ዓለማዊ ሃጸይነትን ኣብ ኤርትራ ክገብርዎ ዝጸንሑን ጌና ሕጂ'ውን ዘካይድዎ ዘለዉን ኩናት ንዘይ ህዝብኻ ብሓይሊ ንምግዛእ፡ ንዘይረሃጸኩሉ ፍረ ንምጥማጽ፡ ቀይናን ፍርዲ ንምሃብ፡ ሁከት ብምብራስ ንህዝብን ንንብረቱን ንምዕናው፡ ንሰላማዊ ናብራ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ንምቅዋስ፡ ንምዕባሌ ናይ ኤርትራ ሕብረተሰብ ንድሕሪት ንምጉታት ሰለ ዝኾነ ዘይቀኑዕን ዉግዙን ወዓቕን'ዩ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ዘካይዶ ዘመተ'ውን ፋሽስታውን ጸረ—ህዝብን ንዉሑዓት ገዛእቲ ደርብታት ዘገልግልን ሰለ ዝኾነ ቀስ ዝተፈልየ መቅርራብ ይገብረሉ፡ ዝተፈልየ መልክዕ ይሃልዎ ካብ ፍርዲ ሰውራ ኤርትራ ከምልጥ ኣይከእልን'ዩ። ሰራዊት ኢትዮጵያ'ውን እንተኾነ ካብቲ ዘካይዶ ዘመተ እንትርፍ ቀትን መስበርትን ናይ ዐተ—ሰቡ ፋሕ—ብትንን ምምራኽን ዱኽነትን ዝኸትምና ካልእ ዚረኽቦ ዓስቢ ሰለ ዘይብሉ ኩሉ ግዜ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ዚፈልጠ ጀጋውን ተቐንጺልን ተቀራ?ን ክይኑ ኢዩ ዚኞርብ። ብዚ ምኽንያት'ዚ ኢዩ ኸኣ ሰራዊት ኢትዮጵያ ?15 ዓመት ዚኣክል ብብዝወረፎ ብሓለንጊ ሰውራ ኤርትራ ኪገረፍ ዚጸንሔ፡ ብዚ ምኽንያት'ዚ ኢዩ ኸኣ ሎሚ ይኹን ንብድሕሪ ሕጂ ብበትሪ ጭኩን ህዝቢ ኤርትራ ዚቐጸመዱን ኣብ ትሕቲ ብርኪ ሰውራ ኤርትራ ዘምብርከኽን።

ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዘሰላስሉ ዘሎ ሰውራዊ ቓልሲ ምእንቲ ሃገራዊ
ነጻነትን ሰብኣዊ መሰልን ሰላምን ፍትሕን ምዕባለን ስለዝኾነ፡ እቲ
ዝካይዶ ዘሎ ኲናት ቅኑዕን ፍትሓውን ኪይኑ ብዅሉም ኣብ ዓለም ዘለው
ጭኑናትን ደለይቲ ሰላምን ነጻነትን ሓርነትን ዝኾኑ ሓይልታትን ዚተደ
ገፈ ኢዩ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ መሰረታዊ ፖለቲካውን ኢኮኖምያውን
ማሕበራውን ጥቕምታቱ ይቓለስ ስለ ዘሎ ዘመጸ እንተ መጸ ንቓልሱ ከኻ
ብ ዓወት ካብ ምብጻሕ ዝሕጥ ኣይብልን'ዩ፡፡ ንምዕቀት ዘለና ዱሉት
ገደብ የብሉን፡፡ ንምቅሳስ ዘለና ዕጥቒ'ውን ፍቱን'ዩ፡፡

ሰውራ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘለዎ ናይ ሞራል ጸብለልትነት
ዘዘናበል ኣይኮነን፡፡ የግዳስ ምስ ግብራዊ ተሰታፊነትና ኣብ ሰውራን፡
ምስ ሰውራዊ ምዕባለናን መመሊሱ እንሰፍሓን እናዓቐኘን እናደልደለን
ዚኸይድ'ዩ፡፡ በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ኲሉም ሃገራውያንን ገስገስትን ኤ
ርትራውያን ኣብ ዘለዉ ኣልዒሞ ንሞራል ህዝብና ሓፍ ንምብል ብግብሪ
ኪንቀሰቐሱን ኪሃልኹን ይግባእ፡፡ ኣቦታትና ነዚ ሕጂ ዘሎ ኤርትራዊ
ትውልዲ ዘውረስዎ ነገር እንተድኣ ኣልዩ፡ እቲ ካብ ኲሉ ዚኸበረ ውር
ሻ፡ ማለት ጽኑዕ ድሌት ንነጻነትን፡ኣንቢትነት ንባዕዳዊ መግዛእትን፡
ቓልሲ ከም መፍትሒ ናይ መሰረታዊ ሽግራትን ጥራይ ከም ዚኾነ ዚኸነ—
ይኹን ኤርትራዊ ዘስሕቶ ኣይኮነን፡፡ ሓላፍነት ናይዚ ሕጂ ዘሎ ኤርት
ራዊ ትውልዲ ድማ ነቲ ሕድሪ ናይ ኤርትራውያን ኣቦታት ኣኽቢርካ፡ ወይ
ነቲ ጀሚርዎ ዘመሓላለፉልና ሃገራዊ ቓልሲ ኣብ ግቡእ ቦትኡ ኣብጺሕካ
ነቲ መጻኢ ኤርትራዊ ትውልዲ ሙሉእ ነጻነት ምዕታር፡ ወይ ድማ ነቲ
ዚካየድ ዘሎ ቓልሲ ብግቡእ እናኣሰጎምካ ናብ መጻኢ ኤርትራዊ ትውልዲ
ነቲ ቓልሲ ከም ውርሻ ምትሕልላፉ ከም ዚኾነ ማንም ኪዘንግዖ ኣይግባ
እን፡፡ ነፍቢ—ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ድማ ነዚ ቅኑዕ መስመር'ዚ ብምኽታ
ል ኣብ ሰውራዊ ሜዳ ንሽንቀሳቐስ ዚተሰከሞ ህዝባዊን ሃገራዊን ሓላፍ
ነት ይግድድ'ዩ፡፡

ነቲ ጸላኢ ዚቀራረበሉ ዘሎ ዘመተ ንምፍሻልን፡ ንሰውራዊ ቓልስና
ንምቕጻልን ምእንቲ ከንክእል፡ እቲ እንገብሮ ምቅርራብ ብኹሉ ወገን
ዚተማልአን ዚተወሃሃደን ንኪኸውን ናይ ግድን'ዩ፡፡ በዚ ምኽንያት'ዚ
ድማእቲ እንገብሮ ኢኮኖምያዊ ምቅርራብ ምስቲ ፖለቲካውን ወተሃደራውን
ምቅርራብ ዝተዛመደ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ካብ መሰረቱ'ውን ንዕኡ ዚድግፍን
ዘዕውትን ኪኸውን ይግባእ፡፡

ጸሳሲ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ንኢኮኖምያዊ ትሕዝቶ ህዝብና ምርኩ
ስ ብምግባር ንሓፋሽ ህዝብናን ሰውራናን ካጥቅዕ ኣይግባእን:: ነዚ
ንምርግጋጽ ካአ ህዝብና ነቲ ነገር ብምሉኡ ንጀሕሉ ንኢኮኖምዊ ትሕዝ
ትኡ ብምልኡ ኣብ ኣገልግሎት ነብሱን ሰውርኡን ጥራይ ከም ዝውዕል ንኪ
ገብር ናይ ግዱን'ዩ:: ይውሓዱ ይርዛሕ ትሕዝቶና ብጥንቃቐ ኪዕቋብ
ኣለዎ:: እዚ ማለት ካኣ ኩሉ ገና ካብ ባርዕ ሓውን: ዓማጺትን ሰራዊ
ትን ኢዱን ናይ ደርግ ሰራዊት ዝዱሕንሉ መንገዲ ሃሰስ ኪበሃል ኣለዎ::
ብተወሳኺ ነቲ ዘሎ ኩነታት ብምዕዛብ ንኢኮኖምያዊ ትሕዝቶና ብጥንቃቐ
ማለት ከከም ተደላይነቱ ንኽንጥቀመሉ ናይ ግዱን'ዩ::

እቲ እንፍጽሞ ቃልሲ ምሉእ ዓወት ምእንቲ ክጎናጸፈና ተጋደልትን
ህዝብን ብምትሕብባር ነቲ ጸላኢ ንወተሃደራቱ ንምቕሳብ ከነ: ኣብ ልዒ
ኒ ህዝቢ ኤርትራ ኢኮኖምያዊ ተጽዕኖ ንምግባር ኢሉ ኣብ ከተማን ገጠ
ርን ዝገብሮ ዘሎ በብዓይነቱ ኢኮኖምያዊ ምንቅስቓሳት ብውሕልነትን ቀራ
ጽነትን ክንፍሽሉ ይግባኣና:: ከምኡ'ውን ነቲ ሰውራና ንኢኮኖምያዊ
ትሕዝቶ ናይ ጸላኢ ንምሕታቕን: ናይ ጸላኢ ኣብ ኤርትራ ናይ ምጽናሕ
ዕድሉ ንምሕጻርን ኩሉ ብዝተፈላለየ መልክዓት ኪወስዶ ዝጸንሐን ዘወስዶ
ዘሎን ኢኮኖምያዊ ኩናት: ብዝለዓለ ቀራጽነትን ብዝረቀቐ ብልሓትን ን
ኽንከይዶ ኣድላዪ ኢዩ::

ውሽጣዊ ኢኮኖምያዊ ሽግራት ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ንምቕሳል ምእንቲ
ከንከኣል ኣብ መንጎ ህዝቢ ነንሕድሕዱን: ኣብ መንጎ ህዝብን ተጋ
ደልትን ናይ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን መንፈስ ኪነግስ: ገብራዊ ምትሕ
ግጋዝ'ውን ኪምዕብል ይግባእ:: ብተወሳኺ'ውን እቶትና ብርኪቱ: ትሕዝቶና
ውሑስነት ዘለዎ ምእንቲ ኪኾውን ተጋደልትን ህዝብን ብቲ ሓደ ኢደም
ኣብር ቲዖም ኣብ ማእቶታዊ ዕዮ ምእንቲ ኪካፈሉን: ኣበየ ብትኡ ናይ
ሕብረት ስርሓት ንኪምዕብሉን ኣድላዪ ጻዕሪ ምግባር የድሊ::

ብወተሃደራዊ መንገዲ'ውን እንተኾነ ሓይልታት ሰውራ ብምሉኡ ተር
ኡ ኣብዚ ዘለናዮ ታሪኻዊ መድረኽ ብኦርዳእ ንህዝብን ንብረቱን ካብ
ግፍዒ ጸላኢ ንምክልኻል ብዘለዎ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ኢኮኖምያውን
ስነ-ኣእምሮኣውን ሓይሊ ኪዕጠቕ ይግባእ:: ሓይልታት ሰውራ ኣብ ወገ
ናዊ ዝኾነ ንኣሽቱ-ንኣሽቱ ውሽጣዊ ሽግራት ከይጠሓሉ በቓ ሓፋሽ ህዝ
ቢ ንምሕሳፍን ምእንቲ ምዕዋት ሰውራዊ ዕላማን ኪብሉ ብዱሌት ኣብ ሓ
ዴ ግንባር ኪሰለፉ ይግባእ::

ሓይሊ ሰውራና ብምሉኡ ብዝተጸገዐ መደብ ናብ ነዚ ኣሪመናዮ መደብ ናይ ጸላኢ ምፍሻል ክሰለፍ ኣለዎ:: ብተወሳኺ'ውን ሓይሊ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ብገቡእ ክውደብን ብመጽናዕቲ ኣብ ኣገልግሎት ሰውራ ክውዕልን ይገባእ:: ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘሎ ተጋዳላይ:: ብረት: ጥይት: በምቦ...ወዘተ ናይ ሰውራና ኩሉ ብቕንዕና ናብዚ ሰውራዊ ምንቅስቓስ'ዚ ገሩ ክጥምትን ንዕኡ ክበርትዑን የድሊ:: ህዝብና ብምልኡ ብዘይ ኣፈላ ይ ቢሄር: ሃይማኖት: ወገን ጾታ: ደርቢ ወይ ዕድመ ኣንጻር ወራር መግዛእቲ ኢትዮጵያ'ን ሸፋቱ ናይ ገድን ኢዩ:: በዚ መንገዲ ጥራይ ኢዩ ከኣ ዘመተ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኪቕንጸል ዚኽእል:: በዚ መንገዲ'ዚ ጥራይ ከኣ ኢዩ ህዝብና ኪዕወት ንብረት ህዝብና ኪዕቀብን ሰውራና ኪቕጽልን ናብ ዓወት ኪገስግስን ዚኽእል::

---

## ናኣይቶ ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ
## ብዛዕባ "ስምምዕ ካርቱም"

ተ.ጣ.ኺ'ን

ሓድሕድ ውግእ ኣብ መንጎ ህ.ሓ.ሓ.ኤ.ን ንክልተ ዓመትን ፈረቓን ዚኣክል ተኻዪዱ:: እዚ ብሰውራዊ ባይቶ ኣንጻር ህ.ሓ. ዚተኣወጀ ሓድሕድ ውግእ'ዚ ሂወት ናይ ብዙሓት ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣጥፊኡ: ብዙሕ ንብረት ኣብሪሱ: ገድሊ ኤርትራ ከምቲ ዚግብኦ ከይገስግስ ዓንቂፉ:: ህዝቢ ኤርትራ ንሓድሕድ ውግእ ብምቅዋም ብርቱዕ መስዋእቲ ገበረ:: ብመስከረም 1974 በሽሓት ዚቖጸር ህዝቢ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ግንባራት ብምእታው ኩናት ሓድሕድ ደው ኪብል ተቓለሰ:: ኣብቲ ግዜ'ዚ እቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ዲሞክራስያዊ ሓይሊ ደልዲሉ: ኣንጻር ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ጠበናጁና ኣየንቕንዕን በለ:: እዚ ኩሉ ኪኸውን እንከሎ: ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ኣብቲ ቅኑዕ መትከላዊ መርገጺኣ ረጊኣ: እቲ ናይ ክልቲኦን ግጭት ካልኣዊ ብምዃኑ ብደሞክራሲያዊ ልዝብ ኪፍታሕ ደፋኣት:: ስለዚ: ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ንሓድሕድ ኩናት: ምድልዳል ናይ ዲሞክራሲያዊ ሓይሊ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ.: ናይ ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ቅኑዕ መትከላዊ መርገጺ: ንኩናት ሓድሕድ ብሕዳር 1974 ደው ኣበሉ:: ድሕሪ እዚ'ውን ክልቲኦን ግንባራት ኣቀራረብቲ ሽማግለታት መሪጸን ናብ ጽኑዕ ሕብረትን

ምትሕብባር ማማትን ይደፍኣ ኣሎዋ:: ካብ ሜዳ ዝመጽእ ዜናታት ከ
ምዘመልከት ከኣ፡እዘን ኣቕራረብቲ ምግባላታት እዚኤተን ሰራዊን ብሰ
ርዓት የሰሓሰሳ ኣለዋ::

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሰውራ ኤርትራ ናብ ናይ መወዳእታ ዓወት ጉዕዞ ይ-
ጓዓዝ ኣሎ:: ህዝቢ ኤርትራን ተጋደልቱን ንናይ መወዳእታ ዓወት ሃ
ገራዊ ስምረትን ጻዕሪ ናይ ኩሉ ዲሞክራሲያዊ ኤርትራዊን ከምዘድሊ
ተረዲኦም ጽኑዕ መትከላዊ ስምረት ንምምጻእ ይቃለሱ ኣለዉ:: እዚ
ዘይተርፍ መትከላዊ መገገዲ ስምረት ንፋሽስታዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን
ጎይተቱን ኣሰምቢዱዎ:: በዚ ምኽንያት'ዚ፡ስምረት ንኸይፍጠር በብዓ
ይነቱ ስልቲታትን ውዲታትን ካብ ምህሳም ዓዲ ኣይወዓሉን::

ኣብዚ ታሪኻዊ እዋን'ዚ፡ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ናይ ሀ.ሓ.ን ብ
ሰውራዊ ባይቶ ናይ ተ.ሓ.ኤ.ን ካብ 2/9/75 ክሳብ 7/9/75 ኣ
ኼባ ብምግባር "ስምምዕ ካርቱም" ኣወጹ:: ስምምዕ ካርቱም:—
1. ንዓወት ስምረት ከምዘድሊ፣ 2. ኣብ መንጎ ክልቲኦን ገንቡራ
ት ዝነበረ ፍልልይ ነቲ ካብ ደገፍቲ ሃገራት ዝወሃብ ዝነበረ ሓገዝ
ከም ዘውሓደ፣ 3. ህዝብን ተጋደልቱን ስምረት ከምዝደልዩ፡ የረጋግ
ጹ:: ኣብ ርእሲኡ እቶም ተፈራረምቲ ናይ ስምምዕ ካርቱም ሓደ "መ
ሰሪ ጉባኤ" ድሕሪ ሸሞንተ ወርሒ ተገይሩ፡ክልቲኦን ገንቡራት ኣብ
ሓደ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ገንባር፡ ሓደ ፖለቲካዊ መደብ /ፕሮግራም/
ሓደ መሪሕነት፡ ሓደ ሰራዊት ሓርነት ክፍጠር ወሰኑ::

ሓቂ ኢዩ፡ ጸላኢ ንምሽናፍ ስምረት ግዱነት ኣድላዪ ኢዩ:: ሓ
ደ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ገንባር ፍጹም ሓቀኛ ድልየትን ናይ መጨረሽ
ዕላማን ናይ ኩሎም ሃገራውያን ኤርትራውያን፡ናይ ኩሎም እቶም ነቲ
ብኣመሪካ ዝድገፍ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ካብ ኤርትራ ኣብሪስካ ናጻን
ዲሞክራሲያዊትን ኤርትራ ንምፍጣር ዝቃለሱ ኤርትራውያን ኢዮም:: ግን፡
እዚ ዕላማ'ዚ ብቲ ናይ ካርቱም ስምምዕ ዝብይኖ ኣገባብን ግዜን ጌ
ዱ ክብጸሕ ዘኽእል፡ እቲ ውድዓዊ ኩነታት ናይ ገድልና ከምዚ ዓይነ
ት ስጉምቲ ንምውሳድ ኣየፍቅድን ኢዩ::

ስምምዕ ካርቱም መሰረት ፍልልይ ናይ ሰውራ ኣይገለጸን ኢዩ::
ካብኡ ዝገደደ ከኣ ኣድላዩነት ናይቲ ነቲ ፍልልይ ዘሰዓበ ምኽንያታ
ት ዝጥፍእ ኩነታት ምፍጣርን ሕማቕ ሰንቢን ናይ ዘይሓዱነትን ዚተገ
ንዝብ ኣይመስልን:: ፈረምቲ ናይቲ ስምምዕ፣ ኩሉ ውዕውዕ ሓዱነት

እንድሕሪ ደልዩ፡ ሕሉፍ እንድሕሪ ረቢዑ፡ ናይ መስመሪ ጉባኤ ኮሚቴ ብጥንቃቐ እንድሕሪ መሪጹ፡ ቀጺሪ ተኻፈልቲ ናይ ጉባኤ ብጽቡቕ እንድሕሪ ተመዲቡ፡ ሽዑ ንሽዑ ኩሉ ሽግራት ተፈቲሑ ኣብቲ ጉባኤ ሓደ ግምባር፡ ሓደ ፖለቲካዊ መደብ፡ ሓደ መሪሕነት፡ ሓደ ሰራዊት ዝምስረት ይመስሎም።

እንተኾነ ግን፡ ኮሚቲ ሽግር ብዱሉት ጥራይ ዘይጠፍእ፡ ሕብረት'ውን ብዱሉት ጥራይ ዝብ ኣይብልን'ዩ። እቲ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝነበረ ምፍልላይ መሰረታዊ ዝኾነ ባህረ—ሓሳባውን ፖለቲካውን ውድባውን ምኽንያት ኣለዎ። ንኣብነት፡ ስምምዕ ካርቱም፡ ውድባዊ ሓድነት ንምምጻእ "ኣብቲ ንስምረት ክበጽሕ ዘኽእል ታሪኻዊ መኸተ ምንቅስቓስ ናጽነት ኤርትራን /ϵ.ረ.ጀ/ መኸተ ተጋዱሉ ሓርነት፡ኤርትራ መርከቡ ይትንትን።" ይብል። እንተኾነ ግን፡ እዚ ሕሉፍ መኸተ ሰውራ ኤርትራ ብኽልቲኡ ወገን በበይኑ ዝኾነ ኣተረጓጉማ ኣለዎ። ስለዚ፡ ኣቐዲሙ ናይ ሓባር ኣረኣእያ እንተዘይማዕቢሉስ ከመይ ጌርካ'ዩ እዚ ርእይቶታት'ዚ ኣብቲ መስመሪ ጉባኤ ዝጠመር! ስምምዕ ካርቱም "ሓረስቶት፡ ሰራሕተኛታት፡ ተመሃሮ፡ ደቂ—ኣንስትዮ" ኣብቲ መስመሪ ጉባኤ ኪሳተፉ ይዕድም። እንተኾነ ግን፡ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ጌና ብሰውራዊ መንገዲ ኪይተወደበ ከሎ፡ ከመይ ጌሩ'ዩ ኣብቲ ጉባኤ ብግቡእ ተኻፊሉ ተራኡ ዘበርክት!

እንበኣርከስ፡ እንተደኣ ደልዩል፡ ሓቀኛ ሃገራዊ ስምረት ክምስረት ክዩኑ፡ በዚ ዚስዕብ መንገዲታት ክመጽእ ይግባእ። ስምረት ማለት ኣብ መንጎ ተጋደልትን ህዝብን ናይ ገብርን ኣረኣእያን ደኣ እምበር ናይ ወተሃደራት ምትሕንፋጽ ከምዘይኮነ ህ.ሓ. ደጋጊማ ኣብሪሃቶ ኣላ። ኣብዚ ንምብጻሕ ሓደ ናይ ሓባር ወተሃደራዊ እስትራተጂ ተሓንጺጹ፡ ተጋደልቲ ኣንጻር ጸላኢ ብሓባር እናተቓለሱ ናይ ገብሪ ሓድነት የማዕብሉ፡ ንናይ ክልቲኣን ግምባራት ተጋደልቲ ሓደ ዝዓይነቱ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ብምሃብ ሓደ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ኣረኣእያ ክመጽእ ይኽእል። ኣብ ርእሲኡ፡ ሓፋሽ ኤርትራ፡ ዋላ'ኳ ዘይሕሰል ናይ ነጻነት ድሌት እንተለዎ፡ ብሰሪ ኩናት ሓድሕድ ተደናጊሩን ተመቒሉን ኣለ ዝጸንሐ፡ ብሓደ ሃገራውን ዲሞክራሲያውን ዝኾነ ኣረኣእያ እናመሃርካ ክውደብን ኪነቅሕን ኣለዎ። እቲ ዝነበረ ቢጋግ መታን ኪዕበስ፡ ክልቲኣን ግምባራት ተሓጋጊዘን ነቲ ብሰሪ ፋሽስታዊ ግፍዒ ኢትዮጵያ ኣባይቶን ጥሪቶን ገዲፉ ኣብ ትሕቲ ተጋደልቲ ተዓቚቡ ዘሎ ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ካብ ጸላኢ

ኪካሳኽለሉን ብግቡእ ኪምህርኦን ኪውዳብኦን ክቢድ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

እዚ ናብ ፍጹም ስምረት ዘውስድ ስጉምቲታት ብስርዓት ኣብ ግብሪ ኪውዕል እንተደኣ ኪይኑ፡ ምምስራት ሰሙር ግንባር ናይ ግዱን ይኸውን፡፡ እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ኣተን ክልተ ግንባራት ውሽጣዊ ውድባዊ ነጻነተን ኣናሓለዋ፡ ኣብቲ ኣንጻር ጸላኢ ዘገብርኦ ቃልሲ ብዝካኣል መጠን ንኺተሓጋገዛ የኽእለን፡፡ ነቲ ብኽልቲኣን ዘወጽእ ናይ ሓባር ናይ ቀረባ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን መደብ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ እትቆጻጸር ሓንቲ ካብ ክልቲኣን ዘወጸት ማእከላዊት ሽማግለ ምቛም የድሊ፡፡ ናይዚ መደብ'ዚ ኣብ ግብሪ ኣወዓዕላ ከኣ እተን ግንባራት ብዝዓበ ፍጹም ስምረት ዘለወን መርገጽን ርእይቶን ከብርህን ከረድኣን ይኽእል፡፡ በዚ ዓይነት መንገዲ'ዚ ከኣ ኢዩ እቶም ምእንቲ ረብሓ ሓፋሽ ሓቀኛ ስምረት ዘይደልዩ ካብቶም ብበለጸ ናይ ሓበት ስምረት ዝደልዩ ኪፍለዩን ኪምመዩን ዝኽእሉ፡፡

ብዝተረፈ፡ ነቲ ሓቀኛ ሃገራዊ ስምረት ክፍጸም ዝኽእል መሰረት ከይተኸተልካ ካልእ መስርሕ ምንዳይ ብዙሕ ጉድኣት የስዕብ፡፡ እቲ ብ1969 ብታህዋኽ ኣብ ኣደብሓ ዝተገብረ ናይ "ስምረት ጉባኤ" ዘሰዓቦ ጉድኣት ብጀጋኑ ኤርትራ ኪርሳዕ ዘይከኣለ ኢዩ፡፡ ተመኩሮ ሰውራ ብምርስዑ ድማ ኢዩ ስምምዕ ካርቱም ሓቀኛን ዘላቒን ሃገራዊ ስምረት ከምጽእ ዘይክእል፡፡

ትሕዝትኡ ገዲፍካ'ውን፡ ስምምዕ ካርቱም ሓደሓደ ሕቶታት የሕትት ኢዩ፡፡ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይን ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ሰውራዊ ባይቶን ነዚ ናይ ስምረት ስምምዕ'ዚ ንምፍጻም "ናይ ውክልና ምሉእ ስልጣን" ተዋሂቡና ኢዩ ይብሉ፡፡ እንተኾነ ግን፡ ህ.ሓ. ንልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ከምዘይወከለታ ድሮ ተፈሊጡ ኣሎ፡፡ ስለምንታይ ኢያ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ኣንጻር መርገጺ ናይ ህ.ሓ. ብምኻዱ ስምምዕ ካርቱም ዝፈረመት፧ ስለምንታይ'ከ ሰውራዊ ባይቶ እቲ ምስ ናይ ህ.ሓ. ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ዝፈረሞ ስምምዕ ዘይሕጋዊ ምዃኑ እናፈለጡ ዝተፈራረሙ፧

ኣብ ሳዕሊ ከምዝተጠቕሰ፡ ተጋደልቲ ንምቅርራብን ሃገራዊ ስምረት ክፍጸም ዝኽእል መደብ ንምትሳምን ዝቖማ ሽማግለታት ኣብ ሜዳ ይዓያ ነይረን፡፡ ነቲ ናይዘን ሽማግለታት እዚኣተን ዕዮታት ኣብ ግምት ፡፡

ከየካተኽ ጹኹ ንምንታይ ብኣይ ቀኒንኩ ናይ "ሰምረት ስምምዕ" ይፍረም፡ ምሉእ ገጠር ኤርትራ ሓራ ኣብ ዝወጸሉ-እዋን፡ ጉባኤታት ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ዝገበርሉ እዋን፡ ስለምንታይ ኢዮም ፈረምቲ ናይ ስምምዕ ካርቱም ኣብ ክንዲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ካርቱም ክእከቡ ዝመረጹ፧

ሰምረት ንኹሉ ሓፋሽ ኤርትራ ዘርኢ ጉዳይ ኢዩ፡፡ ኣንጻር መግዛእቲ ሃጸይነትን ጽዮንነትን ኣብ ዝገበር ቃልሲ ካኣ ናይ ግድን ኣድላዪ ኢዩ፡፡ ሃገራዊ ሰምረት ከበሃል እንከሎ ግን፡ ብቕዓምነት ናይ ግብርን ኣረኣእያን ሰምረት ናይቲ ህዝብን ተጋደልትን ምኳን ኣለዎ፡፡ ስለዚ ሓቀኛን ዘላቒን ሰምረት ብናይ ህዝቢ ድልየትን ግብርን ጥራይ ኢዩ ክመጽእ ዝኽእል፡፡ ነዚ ብምርሳዕ ካኣ ኢዩ ስምምዕ ካርቱም ተቐባልነት ክህልዎ ዘይክእል፡

ኤ.ና.ሰ.ኣ. እቲ ኣብ ናይ ኣረኣእያን ግብርን ሓድነትን ዝተመስረተ፡ ቅኑዕ ሃገራዊ ሰምረት ክፈጥር ዝኽእል እዋናዊ ኩነት፡ ምምስራት ናይ ስሙር-ግንባር ምኳኑ ትኣምን፡፡ እዚ ሃገራዊ ስሙር-ግንባር እዚ ድማ፡ እቲ ናብቲ ኣብ ኤርትራ ተደላዪ ዝኾነ ሓደ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ዘብጽሕ ቀዳማይ ስጉምቲ ምኳኑ ትኣምን፡፡

## <u>"ውሳኔታት ናይ ሳልሳይ ዓመታዊ ጉባኤ ናይ ጠቕላሊ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ ጨንፈር ኩዌት/"</u>

ኣብ መጋቢት 1976 ጠቕላሊ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ ጨንፈር ኩዌት/ ብመሰረት ናይዚ ዚስዕብ ጭርሖ ሳልሳይ ዓመታዊ ጉባኤኡ ገበረ፡- "ብሰውራዊ ንቕሓት ንሰውራ ንከላኸል፡ ብቕኑዕ ሃገራዊ ሓድነት ድሌት ህዝብና ንፈጽም!"

እዚ ጉባኤ'ዚ ነቲ ሜዳ ኤርትራ በጺሕዎ ዘሎ መድረኽን ኩነታትን፡ ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ ከባቢ ሰውራ ኤርትራ ዘሎ ኩነታትን ብዕሙቕ ዝበለ ንቕሓት ድሕሪ ምግንዛብ ብዛዕባ ሃገራውን ግዳማውን ሜዳታት ዝምልከት ኣገዳሲ ውሳኔታትን ለበዋታትን ሓንጸጸ፡

እዚ ጉባኤ'ዚ ነቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝገበር ዘሎ ናይ ሓይልታት ሰዉራ ኤርትራ ምቅርራብን ናይ ሓባር ምውህሃድን ይድግፍ፡፡ እዚ መገበሪኡ ደማ ኣብቲ ህሉው ኩነታት ኤርትራ ገብራዊን ስነ-ሓሳባዊን ዝኾነ ሰውራዊ ኣረኣእያ ንምፍጣርን ካብዚ ተበጊሱ ደማ ነቲ ህሉው ናይ ሓዋሪ ጉዳያት ኤርትራ ብሰውራዊ ኣገባብ ካብ ስረ ንምፍታሕን ዘኽእሉ እዚ ገብራዊ ስጉምቲታት ጥራይ ኢዩ ኢሉ ስለዝኣምን ኢዩ፡፡ በዚ መሰረት ጉባኤ ጠቕላሊ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ/ጠንፈር ኩዌት/ ነዚ ዝሰዕብ ውሳኔታት ይሕንጽጽ፡- እዚ ጉባኤ፡-

1. ብናይ ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ሃገራዊን ፖለቲካዊን መስመር ዚቕየድ ምዃኑ የረጋግጽ፡፡
2. ነቲ ሰውራ ኤርትራ ዘመዝገቦ ዓወታት ብኣድናቖት ይድግፍ፡፡
3. ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኣብ በበይኑ ሜዳታት ስራሕ፡ ንጸላኢ ንምውቃዕ ኣድላዪ ዝኾነ ዝገብሮ ናይ ምውህሃድ ጻዕሪታት ይድግፍ፡፡
4. ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ኣንጻር ናይ ኢትዮጵያ ፋሽስታውያን ጸረ-ህዝቢ ዚኾነ ናይ ምጽናት ስጉምቲታት ተቓሊሳ ንህዝቢ ኣብ ናጻ ቦታታት ከተዕቅቦን ክትከላኸለሉን ብምኽኣላ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ዝገበረቶ ዓቢ ውድባዊን ፖለቲካዊን ዓወታት ብምዝካር— ነዚ ሰውራዊ ዓወታት'ዚ ዓቢ ቦታ ይህብ፡፡
5. ህ.ሓ.ሓ.ኤ ኣብ ውሽጢ ሰውራዊ ባይቶ ዘሎ ናይ ሃገራውያን ዴሞክራሲያውያን ሓይሉን ብሓንሳብ ተጠሚሩ፣ ነዚ ገለ ተበለጽቲ ባእታት ንህዝቢ ካብ ገድሉ ንምዝንባእን ንምድንጋርን ዚገብርዎ ዘለዉ ስበከት ኪቃወሞ የማሕጽን፡፡
6. ናይ ኢትዮጵያ ፋሽስታውያን በቲ ዝሓደሶ ብረት ናይ መራሒት ሃጸይነትን ጽዮንነትን ሸሸነት ኣመሪካ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዚፍጽሞ ዘሎ ናይ ጅምላዊ ቅትለት ገበን ይኹንን፡፡
7. ፋሽስታዊ ወተሃደራዊ ደርጊ ናይ ምስፍሕፋሕ ቅዋም ክሰርዝን፡ ሃገርና ዘወረረ ወተሃደራዊ ሓይልታቱ ካብ ኤርትራ ኪስሕብን፡ ብናይ ህዝቢ ኤርትራ መሰረታዊ ድልየት ንሃገራዊ ናጽነትን ሓርነትን ኪኣምንን ይሓትት፡፡
8. ነፈርቲ ናይ ፋሽስታዊ ደርጊ ኣብ ዓድታት ሰዓን ምድብዓብን ናይ ኤርትራ ናይ ስደተኛታት መዕቆቢ መደበራት ንምውቃዕ ዚተሓለነ ብምዃኑ ብመሰረቱ ይኹንኖ፡፡

9. ነታን ኣብ ሃገራት ዓረብን ኣብ ዓለምን ዘለዋ ናይ ሰብኣዊ ርሕራ ሐ ውዱባት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ንዘለዉ ናይ ኤርትራ ስደተኛታት ሰብኣዊ ሐገዝ ክገብራሉ የማሕጽን፡፡

# ዜና

ፋሽስታዊ ወተሃደራዊ ደርግ በቲ ብሰውራ ኤርትራ ዝወረዶ ዘሎ ማህረምቲ፡ ኣብ ዓሚቕ ወተሃደራዊ ስዕረትን ኢኮኖሚያዊ ቅልውላውን ስለዝወደቐ፡ ሐንሳብ ነዚ ሓንሳብ ከኣ ነቲ ክሸፋፍን ኣብ ናይ ፖለቲካዊ ኣመንዝራነት ኣድሂቡ ኣሎ፡፡ እቲ ኣብ ጽጽባሕ ዝፍጸም ዘሎ ወተሃደራዊ ዓወታት ሐዱሽ ወተሃደራዊ ምዕራፋት እናኸፈተ ኣብ መዝገብ ታሪኽና ክሽተም እንከሎ፡ ንጸላኢ ግን ህላዊኡ ብኣውያት ቀራይ ጌርዎ ኣሎ፡፡ እቲ ክሳብ መወዳእታ ህላዌ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝቕጽል ዓወታትና ድማ እነሆ ገሊኡ ኣብዚ ነቕርብ፡፡

1.— ብዕለት 3/3/76 ሓያሎ ናይ ጽዕነት መኪናታት ብኣጀቢት ዝቕጸፋ ወተሃደራትን ታንክታትን ተሰኒየን ንጢረምሽ ምስርሒ ዝኸውን ሑጻ ክምጽኣ ክኸዳ እንከለዋ፡ ኣብ ገዋ ብብጾትና ተጓጺወን ንድሕሪት ተመሊሰ፡፡ ጸላኢ ብርቱዕ ጉድኣት ወረዶ፡፡ እቲ ኩናት ካብ ሰዓት 12 ቀትሪ ክሳብ ምሸት ቀጺሉ፡፡ ነፈርቲ'ውን ቀስቲፈን'ኦ ነበራ፡፡ ብወገና ዝተረኽበ ክሳራ 4 ስውኣትን 9 ውጉኣትን ኢዩ፡፡ ተ. ሓ. ኤ፡ እውን ተሳቲፍዎ ነበረ፡፡

2.— እንደገና ብዕለት 7/3/76 ብደቀምሓረ ኣቢሉ ንወጋን ዓዲ—ነብሪ ተበገሱ፡፡ ብጾትና ኣብ ከባቢ ደቀምሓረ ብምጽናሕ ካብ ቀትሪ ክሳብ ፍርቂ—ለይቲ ቀጥቀጥዎም፡፡ ጸላኢ ብርቱዕ ጉድኣት ወረዶ፡፡ ሕነ—ንምፍዳይ ከኣ ማይ ዕዳጋን ማይ ሑጻን ዝተባህላ ዓድታት ኣንደዱ፡ ብዙሕ ንብረት'ውን ዘረፉ፡ ካብ ወገና 6 ብጾት ክስውኡ፡ ከለዉ 10 ብጾት ተወጊኦም፡፡ ኣብዚ'ውን ተ. ሓ. ኤ ተሳቲፍዎ ነበረ፡፡

3. ብዕለት 18/3/76 ኣብ መንገዲ ባጽዕ ንሽዱተ ዓበይቲ ማኪናታት ካብ ማእኩሉ ክሉኛ ማሪኽም፡ ወሲዶመን፡፡ ሓንቲ ስም ስም ዝተጻዕነት እውን ብሸፍሊ መሃንድሳትና ብዝተጀብረ ነታጕ ተገምጠለት፡፡

4.— ብዕለት 20/3/76 ሸያ ገብረዝጊኣብሔር ገብረ /ሰምበይቶ/፡ ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሩ ምስ ጸላኢ ተሰሊፉ ኣንጻር ህዝብና ዝዓጠቐ ነውረም፡ ኣብ ማይ—ሓባር ልክዕ ሰዓት 8:30 ንግሆ ብብጾትና ተቐቲሉ፡፡ ገለ ካብቲ ንሱ ዝሰርሖ ገበናት :— 1. ብ1971 ኣብ ማንጎ

ወቐርትን ዓደርዓዓን ሓደ ሰብ፡70 ኣጣል፡ 2ኣገማል፡ 3ኣብዑር 10
ኣሓ ምስ ብጸቱ ኸደት ቐተለ ፡ 2. ብ1971 ኣብ ዓሳ ሰፎር ሰራዊ
ት ገዲፉ 4መኻበያት ኣቐተለ፡ 3. ብ·972 ኣብ ዓደርዐ ጸላኢ ብዘ
ሰት ኣገማል ከቕትል ኣንከሉ ሽቓ ሓቢኡ ነበረ፡፡ 4. ሰደራ—ቤት ገ
ቀጥማዩ ካብ ዱሲናት ኣስዱግ፡ሻጋር ሕዱጭ ይምንጥል ነበረ፡፡5. ኣብ
ማይ--ሓበር ናይ ዘርኪቡ 3 ኣሕዋት ሞ/ረ ናይ ማይ ምስ ቱብታቱ 6
ዓራትን 4ኮንታል እሸልን ወሲዱ ምስ ሰዓብቱ ተማቐልዩ፡ 6. ካብ ማ
ይ--ሓባር ካብ ሞ* ንኪዱሕኑ ናይ ዝሃደሙ ሰባት ካብ 10 ዘይውሕዱ
ገዛውቲ፡ ማዕጾታቲ ብምስባር ነቲ ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ንብረት ምስ ፍ
ጸቶ ተማቐልዩ፡ 7. ምስ ኪዳነ ዓዲ‌ኣዳ ዝተብሀለ ብዓል ነገረ ብና
ማይ መሰና ተሟጊቶ ምስ ረትዖ ሕኒት ንሥፍዓይ ምስ ደልቲ ይተለ
ጋንዝ ኢዱ ብምባል ምስ ሰልባይ ርእሱ ብጸላኢ ኣቐተሉ፡

5. ብዕለት 22/3/75 ኣብ ማይ-ጠፍ ተጋደልትና ፡ጽያት682 ማኪናታት ጠውዮምን፡፡ ነተን ተሰሓቢተን ሓንቲ ኪልኣፍያ፡ 682 ማኪና ምስ ተሰሓቢታ ደማ ኣንደድናን፡፡

6. ብዕለት 24/3/76 ደማ ኣንደጆ ኣብ ማይ—ኣበል ንክልተ ናይ ኣሕምልትን ፍረታትን መኪናታት ጠዊዕናን፡፡

7. ብዕለት 27/3/76 ከፍሊ መኻዝናትና ኣብ ደሕቱሰይ ንዝነበርቀ ተታጉት፡ኪደልቶ ከበሳ ተተኮሰ ኔ ካብ ናይ ጸላኢ መሃንዲሳት ሞይቶም፡፡

8. ብዕለት 28/3/76 ኣቲ ሃርጆፍ [illegible] ብሹ ርብዒት 7:00 ሰዓት ምስ ሓደ ካልኦት ዘለዉ ቀርዲያ ኣብ ሕምብርቲ ኣስመራ ተኾሱ፡፡ ብሹ ንህዝቢ ዘሞቕታልን፡ብምእሳርን፡ ብምግፋዕን ዓሻ ተራ ዚዝ፡ ናይ ኣብ ገንዘብ ዝምንጭሩ ናይ ጸላኢ ቀንጹ ስትራተጂስት ኮይኑ፡፡ ብሹ ብናይ ከተማ ደርቢ ተጋደልቲ ተቐቲሉ፡፡

9. ብዕለት 30/3/75 ወተሃደራት ጸላኢ ንከረን ገጾም ከወጹ እንከለዉ ሓንቲ መኪና ኣብ ዓዲ-ኣበይቶ ሓንቲ ኣብ ሰረጀቶ ብብጸትና ዕጽዮን ነይሩ፡፡ እንደገና ኣብ ዓደስሞ ንሓንቲ ስሚንቶ ጽዒና ዝነበረት ማኪና፡ ነቲ ስሚንቶ ኣራጊፍም ብምውሳድ፡ነታ ማኪና ኣቃጸሉ፡፡ ብዚ ዕለት"ዚ ካብ ሰዓት 6:45 ክሳብ 7:30፡ ብጸትና ኣብ ጥቓ ጊንዳዕ ተኺሊ ከፊቶም ንሓንቲ መኪና ቃስ ወተሃደራታ ብኣብኺ ወዲዖም ኣዕነውዋ፡፡እንደገና ኣብዚ ዕለት"ዚ ካብ ሰዓት 4:10 ናይ ምሸት ክሳብ 2:00 ናይ ለይቲ፡ ኣፋዓብቶ ኣትዮም፡ ብምሉኡ እቲ ሕዝቶ ናይ ኣፍዓበት ሆስፒታል ወሲዶም ገለ ክንጠቅስ ናይ ኣካላት መጠባበቒ ምሉእ መቐረጺታት፡ ናይ መስተንክሪ መሳርሒታት፡ ናይ ዓይኒ መመርመሪ ናይ ስኒ መስደዲን ወ.ዘ.ተ ነይሩ፡፡




ፋሽስታዊ ወተሃደራዊ መንግስቲ ደርግ መልኣኸ—ሞት ወሪሑዋ ከሎ ዝር